## ኢሳይያስ 40
18 እምበኣርሲ ንኣምላኽ ምስ መን ተማሳስልዎ? ምስ ኣየናይ መልክዕከ ኸተመዓራርይዎ ኢኹም?
19 ገባር ምስሊ ፍሲ ገይሩ ጣኦት ይገብር፡ ኣምካኺ ድማ ብወርቂ ይልብጦ፡ ብሰንሰለት ብሩር ከኣ ይስልሞ።
20 እቲ ኽሳዕ ክንድዚ ኺስውእ ዓቕሚ ዜብሉ ድኻስ ዘይቀኑንቀኑን ዕጨይቲ ይሐሪ፡ ዘይነቓነቕ ምስሊ ዚገብረሉ ኽኣሊ
ድማ ይደሊ።
21 ኣእምሮ የብልኩምን? እኳዶ ኣይትሰምዑን ኢኹም? ካብ ጥንቲዶ እዚ ኣይተዘንተወልኩምን? መሰረታት ምድሪ
ዚነግርዎዶ'ኸ ኣየስተውዐልኩምን ኢኹም?
22 ንሱ እዩ ኣብ ልዕሊ እታ ኸባብ ምድሪ ዚቕመጥ፡ እቶም ኣብኣ ዚነብሩ ኸኣ ከም ኣንበጣ እዮም፡ ንሰማያት ከም ጋንጽላ
ዜስጥሖ፡ መሕደሪ ኪኸውን ድማ ከም ድንኳን ዚገብሮ ንሱ እዩ።
23 ንመሳፍንቲ ገለ እኳ ኸም ዘይኮኑ፡ ንፈራዶ ምድሪ ኸም ምናምን ዚገብሮም ንሱ እዩ።
24 ብኡብኡ ሱር ኣብ ምድሪ ምስ ሰደዱ፡ ንሱ ኡፍ ይብለሎም እሞ ይነቕጹ፡ ዘራጊቶ ኸኣ ከም ብቖቦቖ ይወስዶም።
25 ክመዓራረዮስ፡ ምስ መን ከተማሳስሉኒ ኢኹም? ይብል እቲ ቅዱስ

## 1ይ ቆሮንቶስ 1
4-6 ኣነ፡ ከምቲ ምስክር ክርስቶስ ኣባኻትኩም ዝጸንዔ፡ ስለቲ ብክርስቶስ የሱስ እተዋህበኩም ጸጋ ኣምላኽ ብኹሉ ቓልን
ብኹሉ ፍልጠትን ብኹሉ ብእኡ ስለ ዝሃብተምኩም፡ ኩሉ ሳዕ ብዛዕባኹም ንኣምላኸይ ኤመስግን ኣሎኹ።
7 ምግሃድ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እናተጸበይኹም፡ ብሓደ ውህበት ጸጋ እኳ ከይጐድለኩም፡
8 ንሱ ድማ፡ ብመዓልቲ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብዘይ እንታ ኽትኮኑ፡ ክሳዕ መወዳእታ ኼጽንዓኩም እዩ።

## ማቴዎስ 22
34 ፈሪሳውያን ድማ ኣፍ ሰዱቃውያን ከም ዝዐጸወ ሰሚዖም፡ ብሓደ ተኣከቡ።
35-36 ካባታቶም ሓደ ምሁር ሕጊ ኪዕዘቦ ደልዩ፡ መምህር፡ እታ ዓባይ ትእዛዝ ኣብ ሕጊ ኣየነይቲ እያ፧ ኢሉ ሐተቶ።
37 የሱስ ከኣ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ንፍስኻን ብኹሉ ሓሳባትካን ኣፍቅሮ፡
38 እዚእ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እያ።
39 እታ እትመስላ ኻልኣይታ ድማ፡ ንብጻይካ ኸም ንፍስኻ ኣፍቅሮ፡ እያ።
40 ኣብዘን ክልተ ትእዛዛት እዚኣተን ብዘሎ ሕግን ነብያትን ተሰቒሉ አሎ፡ በሎ።
41 ፈሪሳውያን ተኣኪቦም ከለዉ፡ የሱስ፡
42 ብዛዕባ ክርስቶስ እንታይ ይመስለኩም፧ ወዲ መንከ እዩ፧ ኢሉ ሐተቶም። ንሳቶም ወዲ ዳዊት፡ በልዎ።
43-44 ንሱ ኸኣ፡ ዳዊት ደኣ፡ ጐይታ ንጐይታይ፡ ንጸላእትኻ ኣብ ትሕቲ እግርኻ ኽሳዕ ዘድርሶም፡ ኣብ የማነይ ተቐመጥ፡
በሎ፡ እናበለ፡ ብመንፈስ ከመይ ኢሉ ጐይታይ ይብሎ፧
45 እምበኣርሲ ዳዊት ጐይታይ ካብ ዚብሎ፡ ከመይ ኢሉ ደኣ ወዱ ይኸውን፧ በሎም።
46 ሓደ እኳ ቓል ኪመልሰሉ ኣይከኣለን። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ከኣ ሓደ እኳ ኺሐቶ ደፊሩ ብሕም ዝበለ የልቦን።